



# ናይ ምስጋና መግለጺ

ዝኸበሩ ኣቦና ሻንበል መንግሥቱ ወንደፍራሽ በራኺ፡ ካብ ዓባይና እምበይተይ ኣበራሽ ኣስመሮም፣ ሐፍቲ ጐይታና ራእሲ ተሰማ ኣስመሮምን፣ ጐይታና ደጋያት በርሄ ኣስመሮምን፣ ካልኦት ዝኸበሩ እንዳ ከንቲባ ኣስመሮም፡ ማዕረባ ኣከለጉዛይን፣ ካብ ጎይታና ክቡር ኣዝማች ወንደፍራሽ በራኺ (እንዳ ፋሲል ቤተሰብ)፡ (ሰራዮ) ተወልዱ። ብመሰረት ናይ መንነት ወረቐት ኣብ መበል 96 ዓመቶም ብዓርቢ 6 ሕዳር 2009 ዓ.ም. ድሕሪ ምዕራፎም፡ ንጽባሒቱ ብ 7 ሕዳር ኣብ ዓዲ ሞንጐቲ ሓመድ ለበሱ።

ኣቦ ሓጎና ፍትሓውን ፈታዊ ድኻታት ብምንባሮም። ኣብ ዓዲ መንጐትን፥ ኣብ ካልእ ዓድታትን ዝነበሮም ሃብትን መሬትን ኣካፊሎም፡ ካብዛ ዓለም ስለ ዝተፈልዩ፡ ኣቦና ካልእ ዓይነት ስራሐት ንክሰርሑ ተገደዱ።

ጐይታና ራእሲ ተሰማ ኣስመሮም፡ ወዲ ሓብቶም ከይሸገር ኢሎም፡ ብጊዜ እንግሊዝ፡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ሳንጆርጆ፡ ምስ ዶንዳስ ዝበሃል፡ ናይቲ ቤት ማእሰርቲ ተሐጋጋዚ ኮይኖም ከምዝሰርሑ ተገይሩ። ጡረታ ክሳብ ዝወጹ ከኣ ብስርሖም ምስጉን ነበሩ።

ኣቦና፡ ብእዋን ጣልያንን እንግሊዝን ዝኣኸሎም ትምህርቲ ቀሰሙ። ካብ ዝነበሮም ናይ ትምህርቲ ፍቕሪን ድሌትን ከኣ፡ ንዓብይ ወዶም ክሳብ 4ይ ክፍሊ ባዕሎም ተኸታቲሎም ከምዝወድኡ ገበሩ። ከም ትምኒቶምን ድሌቶምን ከኣ ዓቢ ወዶም፡ ኣብዚ ሕጂ በጺሐምዎ ዘለዉ ዓብይ ናይ ትምህርቲ ደረጃ ንክበጽሑ ብዙሕ ሐጊዞም እዮም።

ኣቦና፡ ኣግዝኣብሄር ዝፈርሁ፡ ሓዳሮምን ቤተሰቦምን ዘኽብሩን ዘፍቅሩን ነበሩ። ምስ ቤተሰብን ካለኦት ሰባት'ውን ሰላምን ፍቕሪን ይሕብሕቡ ነበሩ። ካብኡ ብዝተላዕለ፡ ብቤተሰበን ጓኖትን ዝተፈትዉን ዝተመስገኑን ነበሩ። ኣቦና ብሂወቶምን ብናብረኦምን ኣብነታዊ ካብ ምኻኖም ዝተላዓለ፡ እቶም ካሎኦት ደቁምን ቤተሰቦም'ውን፥ ባህሎምን መንነቶምን ዘኽብሩ፡ መሰረቶምን ቤተሰቦም ዝፈልጡ፡ ስነ ስርዓትን ትሕትና ዝለበሱ፥ ሰብ ዘኽብሩን እዝጊ ዝፈርሁን፥ ሐቦኛታትን ንኸኾኑ ኮስኪሶም የዕብየምዎም።

ኣዚና እነኽብሮምን እነፍቅሮምን ኣቦና ካብ ዓለም ብምፍላዮም፡ ኣዚዩ መሪር ሓዘን እንዳተሰምዓና፤ ነቶም ካብ ዓዲ መንጐቲ (ሰራየ)፥ ማዕረባን፥ ማይ ዕዳጋ (ኣከለጉዛይ)፥ ዓዲኳላ፥ ዓረዛ፥ ኩደፈላስን፥ ጉንደትን ጥራይ ዘይኮነስ ካብ ዒና ላዕላይን፥ ዓዲ ተከሌዛን (ሓማሴን) ኮነ፥ ኣብ ኤርትራ ምስ ህዝቢ ትግራይን ኢትዮጵያን ዝተዋሰብኩም ቤተሰብ፥ ኣብ ሙሉእ ዓለም ፋሕ ኢልኩም ትነብሩ ዘለኹም ቤተሰብና፡ ካብ እዋን ሕማሙ ክሳብ ዕረፍቱ ከይረብረብኩም ዝበጻሕኩም፥ ዘቃበርኩም፥ ብቴሌፎን፥ ብኢሜልን ብደብዳቤን ዘጻናናዕክሙና፥ ዝሓገዝኩሙናን ኩላትኩም፣ ኣብ ዘለኹሞ ቦታ ናይ ሕልና ጸሎት ክትገብሩልና እንዳ ተመነና፡ ሕሰም ኣይትርከቡ፡ የቐንየልና ክንብል ንፈቱ።

ንኣቦና ከኣ መንግስተ ሰማያት ትቀበሎም ንብል።

ፕሮፌሰር ዶክተር ፍሥሓጽዮን መንግስቱ፥ የሕዋቶም፥ ከምኡ'ውን ጉዱሳት ቤተሰብ።